# ሪፖርታዥ ባዓል 11 ለካቲት ኣብ ኦስሎ -ኣብኡ ካብ ዝተረኸቡ ተሳተፍቲ!!!

ሰማእታት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንምዝካርን ናይ ቃልሲ ወነ ንምሕዳስን ዓሊሙ በቢ ዓመቱ ዝባዓል 11 ለካቲት ንመብዛሕትኡ ተሳታፋይ ኣብዝጣዓሞ ዕለት ኣፕሪል 16. 2011 ኣብ ከተማ ኦስሎ/ኖርዌይ ብዝዓዘዘ ድምቀት ተኸቢሩ። እዚ መበል 36 ዓመት ዝኾነ ክቡር ባዓል ዝተባዓለ ኣብ ኦስሎን ከባቢኣን ብዝነብሩ ተወለድቲ ብሄረ ትግራይን፣ ናይ ዩኒቨርሰቲ ተማሃሮን ከምኡውን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ- ንናይ ኢትዮጵያ ሃገርና ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን ዘበርከቶ ኣስተዋፅኦ ዝርድኡ ናይ ካልኦት ኣሕዋት ብሄርን ብሄረሰባትን ተወለድቲ ኣብዝተረኸቡሉ እዩ።

እቲ ባዓል ብናይ ሓደ ደቒቓ ዝክረ ሰማእታት ዝተጀመረ እንትኾን ቀፂሉውን ባህላዊ ምግቢታትን መስተን ንተሳተፍቲ ቀሪቡ እዩ። ብድሕሪዙይ "ወጋሕ ትበል ለይቲ" ናይዝተፋላለዩ ብሄር - ብሄረሰባት ሀገርና ጣዕመ ዜማታት ተስታኣናጊዶም እዮም። ኣብ ሞንጎ ሙዚቃታት - ግጥሚ፣ መደረታትን ወያናይ ሽለላታትን እናተሰምዑ ተሳተፍቲ ተዘናጊዖምን ተሃዲሶምን እዮም።

ናይ ሎሚዘበን ባዓል 11 ለካቲት (ኣብ ኦስሎ) ፍሉይ ዝገብሮ ሀገርና ኢትዮጵያ ንፁር ናይ ሓሙሽተ ዓመት ናይ ዕብየትን ስግግርን ትልሚ ዝገበረትሉ እዋን ምኻኑ ኢዩ። ናይ'ዙይ ኣካል ዝኾነ ሩባ ኣባይ ናይ ምግዳብ ትልሚ'ውን ንኹሉ ኣሕዋት ህዝቢታት ሓባራዊ ረብሓ ብዝውዕል ኣግባብ ብመንግስትና ጭቡጥ ምንቅስቓስ ዝተጀመረሉ እዋን ምኻኑ ነቲ ባዓል ፍሉይ ድምቀት ኣላቢስዎ እዩ።

ኣፍቲ ባዓል- ኩሎም ተሳተፍቲ ንግድብ ኣባይ ዝውዕል ቦንድ ንኽዕድጉን ኣድላዪ ዘበለ ካብኦም ዝሕሎ ሓገዝ ንኽገብሩን ቃል ኣትዮም እዮም። ባዓል 11 ለካቲት ብልዕሊ 120 ተሳተፊቲ ደሚቑ ብሰላም ተዛዚሙ።

**ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ሃገርና ብንጡፍ ተሳተፎና ሽትኡ ክወቅዕ ኢዩ!!!**